ኤጀንሲ ልምዓትን ምምሕዳርን ኣባይቲ ክልል ትግራይ ኣብ ከተማ መቐለ ዝርከብ 12 ናይ ንግዲ ገዛውቲ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከካሪ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጥሪ 8, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 24, 2016 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:30,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 24, 2016 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛ/ህንፃ ክራይ/

ማለትወን 9 ናይ ንግዲ ገዛ ንኩሎም ነጋዶ እንትክውን 3 ናይ ንግዲ ገዛ ድማ ንኣካልጉዳኣትኹናትን ንስድራ ስወኣትን ነጋዶ ይኾወን። ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ እትደልዩ

1. ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ ፡

1.1 ናይ ግብሪ ከፋሊ መለለዪ ቑፅሪ /TiN

2. ነቲ ናይ ንግዲ ገዛ ፅገና ዛድልዮ እንተኾይኑ ብናይ ባዕሉ ወፃኢ ኣፀጊኑ ንምክራይ ዝኽእል።

3. ኣብ ናይ መንግሰቲ ናይ ንግዲ ኣባይቲ ጨረታ ዝሳተፉ ተጫረቲ ኣብ ናይ መንግስቲ ኣባይቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ምጭብርባርን ዘይሕጋዊ ስራሕ ዘይሰርሑን መጠቅኞታ ዘይብሎም።

4. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ ብር 300.00 (ሰለስተ ምኢቲ ብር) ብምኽፋል ካብ ቢሮ ቁፅ 15 ምውሳድ ይኽእሉ።

5. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ነዚ ተባሂሉ ኣብ ኤጀንሲ ልምዓትን ምምሕዳርን ኣባይቲ ክልል ትግራይ ኣብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቕ ካብ ዕለት 08/05/2016 ዓ/ም ክሳብ 22/5/2016 ዓ/ም ሰዓት 9:00 ምእታው ይኽእሉ፡

6. እቲ ጨረታ ዕለት 22/05/2016 ዓ/ም ሰዓት 9:00 ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 9:30 ይኽፈት።

7. ኣብ እዋን ጨረታ ምኽፋት ተጫረትቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም እንተተረኽቡ ይምረፅ።

8. ናይ ጨረታ መኽበሪ ብር 30,000.00 (ሳላሳ ሽሕ ብር) ሲፒኦ ወይ ናይ ባንኪ ውሕስና ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ከትሕዙ ኣለዎም።

9. እቲ ኤጀንሲ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።

10. ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልክታት ቁፅሪ 0344418515/ሞባይል0914778288/0953023396 ወይድማ ብኣካ ብምቕራብ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle